# ሃብሮም ጓለይ

## ህጻናት ንኮቪድ-19 ከመይ ጌሮም ክም ዝስዕርዎ!



IASC
Inter-Agency Standing Committee

# ኣመዓባብላ መጽሓፍ “ሃብሮም ጓለይ”

እዚ መጽሓፍ’ዚ፡ ብፕሮጀክት ደረጃ ዝተዳለወ ኮይኑ፡ ንትግባረኡ ሓላፍነት ዝወሰደት ድማ፡ IASC MHPSS RG ብዝብል ኣሕጽሮት ናይ እትፍለጥ መወከሲት ጉጅለ (reference group) ቀዋሚት ኮሚተ እያ። እታ መወከሲት ጉጅለ፡ ኣብ ግዜ ህጹጽ ኩነታት ንጥዕና ሓንጎልን ስነ-ኣእምሮኣዊ ሓገዝን ኣብ ዘገድሱ ጉዳያት እትሰርሕ ብዝሐ-ትካላዊት ተበግሶ እያ። እዚ ናይ መጽሓፍ ፕሮጀክት፡ ኣባል ሃገራት ናይታ መወከሲት ጉጅለ ብዘበርከትኦም ዓለም-ለኻውያን፣ ዞባውያንን ሃገራውያንን ክኢላታት ድጋፍ ዝተገብረሉ ኮይኑ፡ ኣብ ርእሲኡ ካብ 104 ሃገራት ዝተዋጽኡ ወለዲ፣ ኣብ ክንክን ህጻናት ዝዋስኡ ወሃብቲ ኣገልግሎት፣ መምሃራንን ህጻናትን ’ውን ኣበርክቶ ጌሮምሉ እዮም። ንጥዕና ሓንጎልን ስነ-ኣእምሮኣዊ ድሌታት ህጻናትን ኣብ ግዜ ለበዳ ኮቪድ-19 ንምግምጋም ክሕግዝ ተባሂሉ ’ውን፡ ብዓረብኛ፣ እንግሊዝኛ፣ ጥልያን፣ ፈረንሳን ስጳኛን ዝተዳለወ መሕትት፡ ኣብ ምሉእ ዓለም ተዘርጊሑ። ብመሰረት ውጽኢት ናይቲ መሕትት፡ ኣብቲ መጽሓፍ ክጠቓለል ናይ ዝደለ ኣርእስታት መቓን ተሳኢሉ። እቲ መጽሓፍ ኣብ ዝተፈላለያ ብኮቪድ-19 ዝተጸለዋ ሃገራት ንዝርከቡ ህጻናት ብንባብ (ብትረኻ) ቀሪቡሎም። ካብ ህጻናት፣ ወለድን ወሃብቲ ኣገልግሎትን ብዝተረኸበ ግብረ-መልሲ መሰረት፡ እቲ መጽሓፍ ተኸሊሱን ተመሓዩሹን።

ልዕሊ 1700 ህጻናት፣ ወለዲ፣ ወሃብቲ ኣገልግሎትን መምሃራንን ካብ ኩሉ ኩርንዓት ዓለም፡ ንለበዳ ኮቪድ-19 ብኸመይ ይገጥምዎ ከም ዘለዉ፡ ግዚኦም ከይበቐቑ ተመኩሮኦም ኣካፊሎምና። ንኹሎም ህጻናት፡ ወለዶም፡ ወሃብቲ ኣገልግሎትን መምሃራንን፡ ነቲ መሕትት ኣብ ምምላእን ነዚ ዛንታ መልክዕ ኣብ ምትሓዝን ስለ ዝተሓባበሩና ብልቢ ነመስግን። እዚ ዛንታ’ዚ ንኹሎም ህጻናት ዓለም ዝተዳለወን ዛንታ ኵላቶም ዝነግርን’ዩ።

እታ IASC MHPSS RG ብዝብል ኣሕጽሮት እትፍለጥ መወከሲት ጉጅለ፡ ብስእላዊ መግለጺ እተሰነየ ናይዚ መጽሓፍ’ዚ ትረኻ ኣብ ምድላዉ፡ ሄለን ፓቱክ ንዝገበረቶ ኣበርክቶ ተመስግን።

©IASC, 2020.  እዚ ሕትመት’ዚ፡ ዝርዝሩ ኣብ ታሕቲ ተገሊጹ ብዘሎ ኣህጉራዊ ፕሮቶኮል ናይ መሰል ቅዳሕ (copyright) መሰረት እተዳለወ’ዩ፡-

Creative Commons Attribution-NonCommercial-ShareAlike 3.0 IGO license (CC BY-NC-SA 3.0 IGO; https://creativecommons.org/licenses/by-nc-sa/3.0/igo).

በዚ ተገሊጹ ዘሎ ፕሮቶኮል መሰረት፡ እዚ ስራሕ’ዚ መበቆላዊ ምንጩ ብምጥቃስ፡ ንዘይመኽሰባዊ ዕላማ ምብዝሑ፣ ምትርጓሙ፣ ምርዓሙ ይከኣል።

ናይ ትግርኛ ትርጉም ብዳንኤል ረዘነ መኮነን

## መእተዊ

መጽሓፍ “ሃብሮም ጓለይ” ኣብ ምሉእ ዓለም ንዘለዉ ብኮቪድ-19 ዝተጸልዉ ህጻናት ተባሂላ ዝተዳለወት’ያ።

“ሃብሮም ጓለይ” ብወለዲ፣ ኣብ ክንክን ህጻናት ብዝዋስኡ ወሃብቲ ኣገልግሎት፣ ወይ ድማ ብመምህራን’ያ ክትንበብ ዝግብኣ። ንሓደ ህጻን ወይ ድማ ንንእስ ዝበለ ጉጅለ ህጻንውቲ ክትንበብ ትኽእል። ህጻናት፡ ብዘይ መሰነይታ ወላዲ፣ በዓል ሞያ ወይ መምህር ንበይኖም ከንብቡዋ ኣይምረጽን። ድሒሩ ክሕተም መደብ ተታሒዝሉ ዘሎ፡ “መምርሕታት ንሃበርም” ዝብል መወከሲ፡ ምስ ኮቪድ-19 ንዝተተሓዝ ኣርእስታት ተወሳኺ ኣስተምህሮ ዝህብ ኮይኑ፡ ህጻናት ንስምዒታትን ጦብላሕታታትን ከመይ ጌሮም ኣተኣላልያ ከም ዝገብርሉ ዝሕግዝ ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ ኣብቲ መጽሓፍ ዝተሞርኮሰ ተወሳኺ ንጥፈታት ‘ውን ዝሓዘ’ዩ።

## ትርጉም

እታ ነዚ መጽሓፍ ዘዳለወት መወከሲት ጉጅለ፡ ናብ ቋንቋታት ዓረብ፣ ቻይና፣ ፈረንሳ፣ ራሻን ስጳኛን ዝግበር ትርጉም ከተወሃህድ□ያ። ብኻልእ ቋንቋታት ንዝግበር ትርጉም፡ ነታ ጉጅለ በዚ ዝስዕብ ናይ ኢመይል ኣድራሻ ምርካብ ይከኣል:
- mhpss.refgroup@gmail.com. ኩሉ ትርጉማት ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይታ ጉጅለ ክዝርጋሕ’ዩ። ነዚ ስራሕ□ዚ ክትርጉሙ ወይ ከርዕሙ ዝደልዩ ግዱሳት፡ ነዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ኣብ ግምት ክእትዉ ይሕተቱ፡-

- ናይ ገዛእ ርእስኹም ይኹን ናይ መወልትኹም ኣርማ (ሎጎ) ኣብቲ ናይ ትርጉም ወይ ናይ ምርዓም ስራሕ ምጥቃም ኣይፍቀድን።
- ናይ ምርዓም ስራሕ ምስ ዝኸውን (ኣብ ስእሊ ወይ ምስሊ ለውጢ ምስ ዝግበር)፡ ናይታ መወከሲት ጉጅለ ሎጎ ምጥቃም ኣይፍቀድን። ኣብ ዝኾነ መዳይ ናይ ከምዚ ዝበለ ስራሕ፡ እታ ጉጅለ ነቲ ስራሕ ወይ ውጽኢት ከም እትድግፎ ዘምስል መልእኽቲ ክህልዎ የብሉን።
- እቲ ዝግበር ናይ ምትርጓም ወይ ምርዓም ስራሕ፡ በዚ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሱ ዘሎ ናይ መሰል ቅዳሕ ፕሮቶኮል መሰረት ከም ዝምዝገብ ምግባር የድሊ፡- Creative Commons license. CC BY-NC-SA 4.0 or 3.0 is suggested. This is the list of compatible licenses: https://creativecommons.org/share-your-work/licensing-considerations/compatible-licenses.
- ኣብቲ ዝግበር ናይ ትርጉም ስራሕ እዚ ዝስዕብ መብርሂ ክህሉዎ ይግባእ፡- “እዚ ናይ ትርጉም□ምርዓም ስራሕ’ዚ በታ ዝምልከታ መወከሲት ጉጅለ ዝተዓየ ኣይኮነን። እታ መወከሲት ጉጅለ ንትሕዝቶን ልክዕነትን ናይቲ ትርጉም/ ምርዓም ተሓታትነት ኣይትወስድን። እቲ ቀያድን ቅኑዕን ቅዳሕ እቲ ብቛንቋ እንግሊዝ ዝተዳለወን ከምዚ ዝስዕብ ኣርእስቲ ዝሓዘን ቅዳሕ’ዩ፡- “Inter-Agency Standing Committee. My Hero is You: How Kids Can Fight COVID-19! Licence: CC BY-NC-SA 3.0 IGO.”





ኣደ ሳራ ብዓይኒ ጓላ ሃብሮሚት□ያ፡ ምኽንያቱ ንሳ እታ ኣብ ዓለም ዝበለጸት ኣደን ሳይንቲስትን እያ። ይኹን እምበር፡ ዋላ ኣደ ሳራ እተኾነት ‘ውን ንኮሮናቫይረስ ዝኸውን መድሃኒት ክትረክብ ኣይከኣለትን።

“ኮቪድ-19 እንታይ ይመስል፧” ብምባል፡ ሳራ ነዲኣ ሓተተት።

“ኮቪድ-19፡ ወይ ድማ ኮሮናቫይረስ፡ ኣዝዩ ደቂቕ ብምዃኑ ብዓይንና ክንርእዮ ኣይንኽእልን ኢና፡” በለት ኣደ ሳራ። “ግን፡ በቲ ቫይረስ ዝተለኸፉ ሰባት ክስዕሉን ክህንጥሱን ከለዉ፡ ከምኡ ‘ውን ኣብ ከባቢኦም ንዝርከቡ ሰባት ወይ ኣቕሓ ምስ ዝትንክፉ፡ ይላባዕ። እቲ ሕማም ዝሓዞም ሰባት፡ ረስኒ ይገብረሎምን የስዕሎምን፡ ናይ ምትንፋስ ጸገም‘ውን ክገብረሎም ይኽእል።”

“ብዓይንና ስለ ዘይንርእዮ ዲና ክንስዕሮ ዘይንኽእል፧” ክትብል ሳራ ሓተተት።

“ክንስዕሮ ንኽእል ኢና፡” በለት ኣደ ሳራ። “ከምኡ ስለ ዝኾነ ከኣ እዩ ንስኺ ድሕነትኪ ክትሕልዊ ዝደሊ ሳራ ጓለይ። እቲ ቫይረስ ንዝተፈላለዩ ሰባት’ዩ ዘጥቅዕ፡ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ድማ ነቲ ቫይረስ ኣብ ምስዓር ክሕግዘና ይኽእል’ዩ። ንፉዓት ህጻናት ብወገኖም ‘ውን ክሕግዙ ይኽእሉ እዮም። ንስኺ ንኹልና ስለ ተድልይና ደሓን ክትኮንልና እየ ዝደሊ። ሃብሮሚት ክትኮነለይ ከኣ እደሊ።”



ኣብታ ምሸት እቲኣ ሳራ ኣብ ዓራታ ምስ ደየበት ፈጺሙ ሃብሮሚት ዝኾነት ኮይኑ ኣይተሰመዓን። ሕርቃን ተሰመዓ። ንቤት-ትምህርቲ ክትከይድ ድልየት'ኳ እንተነበራ ቤት-ትምህርታ ግን ተዓጽዩ እዩ። መሓዙታ ክትረኽበን ደለየት፡ እተኾነ ግን ከምኡ ንምግባር ውሑስ ኣይነበረን። ኮሮናቫይረስ ኣብ ዓለም ፈጢርዎ ዘሎ ራዕዲ ከብቅዕ ደለየት።

“ሃብሮማት'ኮ ፍሉይ ሓይሊ'ዩ ዘለዎም፡” ኢላ ብውሽጣ ሓሰበት፡ ክትድቅስ ኢላ ኣዒንታ እናኸደነት። “ኣነኸ እንታይ ኣለኒ፧”

ሃንደበት፡ ሓደ ህዱእ ድምጺ ኣብቲ ጸላም ስማ ብሕሹኽታ ጸወዐ።

“መን ኢኻ፧” በለት ሳራ ቀስ ኢላ።

“ሃብሮም ክትኮኒ መታንሲ እንታይ ትደልዪ ሳራ፧” ኢሉ ሓተታ እቲ ድምጺ።

“ኣብ ዓለም ዘለዉ ህጻናት ኩላቶም፡ ውሕስነት ናይ ካልኦት መታን ክሕልዉ፡ ናይ ገዛእ ርእሶም ውሕስነት ከመይ ጌሮም ክሕልዉ ከም ዝኽእሉ ከርእየሉ ዝኽእል ጥበብ እደሊ ...” በለት ሳራ።

“እሞ ኣነ እንታይ ክኾነልኪ ትደልዪ፧” በለ እቲ ድምጺ።

“ክበርር ዝኽእል፡ ዓው ዝበለ ድምጺ ዘለዎ ... ክሕግዘኒ ዝኽእል ገለ ነገር ምደለኹ!”

ብቕጽበት፡ ሓሸሽ ዝብል ድምጺ ተሰምዐ'ሞ፡ ኣብ ማእከል ናይቲ ናብ መደቀሲ ሳራ ሰሊኹ ኣትዩ ዝነበረ ጨሬራ ወርሒ፡ ገለ ነገር ተጋህደ ...





“እንታይ’ዩ’ዚ፧” በለት ሳራ ብስንባደ።

“ኣነ ኣርዮ እየ፡” ክብል መለሰ።

“ቅድሚ ሕጂ ኣርዮ ርእየ ኣይፈልጥን’የ፡” በለት ሳራ።

“ኣይትርእይንን ኔርኪ ኴንኪ ኢኺ እምበር፡ ኩሉ ግዜ ኣብዚ ኣለኹ ኣነ፡” በለ ኣርዮ። “ካብ ልብኺ’የ መጺአ።”

“ትሕግዘኒ እንተኾንካ፡ ንብምሉኦም ህጻናት ዓለም ብዛዕባ ኮሮናቫይረስ ክነግሮም ምኽኣልኩ!” በለት ሳራ። “ሃብሮሚት ክኸውን እኽእል’የ! ግን፡ ጽናሕ’ሞ ኣርዮ፡ ኮሮናቫይረስ ከሎ’ኸ ምጉዓዝ ውሑስ ድዩ፧”

“ምሳይ ጥራይ’ዩ ዝከኣል ሳራ፡” በለ ኣርዮ። “ብሓንሳብ እንተለና ዘኾነ ክጎድኣኪ ዝኽእል ነገር የለን።”






ሳራ ዘሊላ ኣብ ዝባን ኣርዮ ተሓንገረት’ሞ ብሓንሳብ ኮይኖም በቲ መስኮት ናይ መደቀሲኣ ንደገ ተወንጨፎም፡ ኣብቲ ጸላም ንሰማይ ዓረጉ። ናብ ከዋኽብቲ ገጾም በረሩ’ሞ ንወርሒ □ውን ሰላም በሉዋ።

ጸሓይ ክትበርቕ ምስ ጀመረት፡ ፒራሚዳት ኣብ ዘለዎ መሳጢ ምድረ-በዳ ዓለቡ’ሞ፡ ኣብኡ ህጻናት ይጻወቱ ነበሩ። እቶም ህጻናት ንሳራን ኣርዮን ምስ ረኣዩ ብሓጐስ እናተሰራሰሩ በእዳዎም ናይ ሰላምታ ምልክት ገበሩሎም።

“እንቋዕ ደሓን መጻእኩም፡ ኣነ ሳልም እበሃል!” በለ ሓደ ካብቶም ኣወዳት። “እንታይ ክትገብሩ መጺእኩም፧ ኣይትሓዙልና፡ ካብዚ ንላዕሊ ክንቀርበኩም ኣይንኽእልን ኢና፡ ብውሑዱ ሓደ ሜትሮ ክንርሕቕ ኣለና ካባኹም!”

“ከምኡ ስለ ዝኾነ ኢና ናብዚ መጺና ዘለና!” በለቶ ሳራ። “ኣነ ሳራ እበሃል፡ እዚ ድማ ኣርዮ ይበሃል። ህጻናት፡ ንጎረባብቶም፣ ን’ዕሩኽምቶም፣ ንወለዶምን ኣቦሓጎታቶምን ዓባያቶምን ካብ ኮሮናቫይረስ ውሑሳት ንኽኾኑ ክሕግዝዎም ከም ዝኽእሉ ትፈልጡ’ዶ፧ ኩላትና ክንገብሮ ዝግበኣና …”

“ኣእዳውና ብሳምናን ብማይን ምሕጻብ!” በለ ሳልም ምስ ፍሽኽታ። “ንፈልጥ ኢና፡ ሳራ። እንተሓሚምና ድማ፡ ኣፍና ናብ ቅልጽምና ኣጸጊዕና ንስዕል። ንሰባት ብኢድና ሰላም ኣብ ክንዲ ምባል በ’እዳውና ናይ ሰላምታ ምልክት ጥራሕ ንገብር። ካብ ገዛ ከይወጻእና ክንሕጸር ንፍትን□ኳ እንተኾንና፡ ጻዕቂ ህዝቢ ኣብ ዘለዎ ከተማ ስለ ‘ንነብር ኩሉ ሰብ ኣብ ገዝኡ ይሕጸር ማለት ኣይኮነን።”

“ህምም፡ ኣብዛ ጉዳይ እዚኣ ገለ ዝሕግዞ ነገር ኣይስኣንን ይኾውን፡” በለ ኣርዮ። “ንኮሮናቫይረስ ክርእዩዎ ኣይክእሉን እዮም፡ ንዓይ ግን ክርእዩኒ ይኽእሉ እዮም! ንዑ ዘሊልኩም ተሰቐሉ፡ ኣኽናፈይ ኣብ ነንሕድሕዱ ናይ ሓደ ሜትሮ ርሐቀት ስለ ዘለዎ፡ ኣብ ክልቲኡ ወገን ናይ ኣኽናፈይ፡ ሓደኹም በዚ፡ ሓደኹም ከኣ በቲ ኮፍ በሉ!”



ኣርዮ፡ ንሳራን ንሳልምን ኣብ ክልቲኡ ኣኽናፉ ተሰኪሙ፡ ናብ ሰማይ በረረ። ናብቲ ከተማ ሰናጢቑ ብምብራር፡ ክጓዝምን ክዝምርን ጀመረ! ነቶም ኣብ ጎደናታት ዝነበሩ ህጻናት፡ ሳልም ከምዚ ክብል ተዳሃዮም፤

“ኪዱ’ሞ ንስድራ ቤትኩም፡ ኣብ ገዛ እንተተሓጺርና’ዩ ዝሓሸ ውሕስነት ዝህልወና ኢልኩም ንገሩዎም!”

ሰባት በቲ ዝርኣዩዎ ተገረሙ። በ’እዳዎም ናይ ሰላምታ ምልክት እናገበሩ ድማ ነናብ ገዛኦም ክኸዱ ምኗኖም ብምልክት ገለጹ።





ኣርዮ መሊሱ ናብ ሰማይ ዓረገ። ሳልም ብታሕጓስ ፍንጭሕ ክብል ደለየ። ኣብ ልዕሊ ደበና ሰማይ ምስ በጽሑ፡ ብጎኖም ነፋሪት ትሓልፍ ነበረት’ሞ፡ ኣብታ ነፋሪት ዝነበሩ ተጓዓዝቲ፡ በቲ መሳኹቲ ተገሪሞም ይጥምትዎም ነበሩ።

“ሰባት፡ ንዝተወሰነ እዋን ካብ ጉዕዞ ክቍጠቡ ከድልዮም’ዩ፡ ” በለ ሳልም። “ሃገራት ዶባተን ይዓጽዋ ስለ ዘለዋ፡ ኩላትና ኣብ ዘለናዮን ምስ እነፍቅሮም ሰባትን ምጽናሕ ከድልየና እዩ።”

“ብዙሕ ነገራት ዝተለወጠ ይመስል ኣሎ፡” በለት ሳራ። “ንሓንሳብ ክሓስቦ ከለኹ የፍርሓኒ።”

“ነገራት ክቕየር እንከሎ ከፍርሕን ከደናግርን ይኽእል’ዩ ሳራ፡” በለ ኣርዮ። “ፍርሒ ክስመዓኒ እንከሎ ቀስ ኢለ የስተንፍስ፡ ሓዊ ድማ እተፍእ!”

ኣርዮ፡ ገዚፍ ኩዕሶ ዝመስል ሓዊ ተፍአ!

“ፍርሒ ክስመዓኩም እንከሎ፡ ከመይ ጌርኩም ተፍኩስዎ፧” ኢሉ ሓተቶም ኣርዮ።



“ኣነ፡ ብዛዕባ ድፍረት ዝህበኒ ሰብ ምሕሳብ እፈቱ፡” በለት ሳራ።

“ዋላ ኣነ፡ ብዛዕባ ኩሎም ድፍረት ዝህቡኒ ሰባት፡ ከም በዓል ዓባየይን ኣባሓጎይን ዝኣመሰሉዎም ምሓስብ እፈቱ፡” በለ ሳልም። “ናፊቐዮም። ሕቚፍ ኣቢለ ክስዕሞም ኣይክእልን’የ፡ ምኽንያቱ ኮሮናቫይረስ ከሕልፈሎም እኽእል’የ። ከም ንቡር፡ ኣብ ቀዳመ-ሰንበት ንርእዮም ኢና፡ ሕጂ ግን ንውሕስነቶም ክንብል ኣይንበጽሖምን ኢና።”

“ክትድውለሎም’ዶ ትኽእል፧” ኢላ ሓተተት ሳራ።

“እወ እኽእል!” በለ ሳልም። “መዓልታዊ’ዮም ዝድውሉለይ፡ ኣነ ብዛዕባ ኩሉ ኣብ ገዛ ንገብሮ ነገራት ይነግሮም። ደስ እብለኒ፡ ንዓኣቶም ’ውን ደስ ይብሎም።”

“ሕጂ ክንርእዮም ዘይንኽእል ሰባት እንተናፈቕናዮም ንቡር’ዩ” በለ ኣርዮ። ክሳብ ክንደይ ከም እንፈትዎም ዘርኢ’ዩ። ካልኦት ሃብሮማት እንተንረክብሲ ዝያዳ’ዶ ባህ ምበለኩም፧”

“እወ እሂናይ ደኣ!” በሉ ሳራን ሳልምን።

“ሕራይ፡ መሓዛይ ሳሻ ፍልይ ዝበለ ሓይሊ ዘለዋ ሃብሮም’ያ፡” በለ ኣርዮ። “ንኺድ ናብኣ!”





እንደገና ናብ መሬት ተነኺቱ'ሞ ኣብ ሓደ ዓዲ ዓለቡ። ኣብቲ ገደና ሓንቲ ህጻን ዕንባባ ትቕንጥብ ነበረት። ንኣርዮ ከምኡ 'ውን ነቶም ኣብ ክንፉ ዘንሳፍፉ ዝነበሩ ክልተ ህጻናት ምስ ረኣየቶም ሰሓቐት።

"ኣርዮ!" ኢላ ተደሃየቶ። "ካብ ሓደ ሜትሮ ኣብ ዘይሓጽር ቅርበት ተጸገዓኒ'ሞ ብምልክት ናይ ሑቕፎ ሰላምታ ክሰደልካ። ኩልኹም ኣብዚ እንታይ ትገብሩ ኣለኹም፧"

"ናይ ሑቕፎ ሰላምታኺ ስድድ ከተብልዮን ክፍለጠንን ሓደ ኮይኑ፡ ሳሻ፡" በለ ኣርዮ። "ብቓላትን ብግብርን ሓልዮትና ክንገልጽ እንክለና ኣዝዩ ባህ ይብለኒ። ኣዕሩኽተይ ካብ ጥበብን ሓልዮትክን ክመሃሩ እደሊ።"

"ኣየናይ ጥበብን ሓልዮትን፧" በለት ሳሻ።

"ኣብ ገዛኹም ሓደ ሕሙም ስለ ዘሎ፡ እቲ ሕማም ናብ ካልኦት ሰባት ከይመሓላለፍ መታን ሓልዮት ስለ ዘለኪ ኣብ ገዛ ክትሕጸሪ ወሲንኪ፡" በለ ኣርዮ።

"እወ፡ ኣቦይ'ዩ ሓሚሙ ዘሎ፡ ፈጺሙ ክሳብ ዝሓዊ ድማ ኣብ መደቀሲኡ ተዓጽዩ ኣሎ፡" በለት ሳሻ።



“ብዙሕ ኣጸጋሚ ግን ኣይኮነን! ንጻወት፣ ንኽሸን፣ ኣብ ገደናና ንዘናጋዕ፣ ብሓደ ኮይንና ው’ን ንምገብ። ኣነን ኣሕዋተይን ኣጻብዕቲ እግርና እናተናኸፍና ንስዕስዕ። መጽሓፍቲ ነንብብ፤ ከምኡ ስለ ዝኾነ ኣነ ቀጻሊ’የ ዝመሃር ዘለኹ፡ ዋላ’ኳ ሓንሳብ-ሓንሳብ ቤት-ትምህርተይ ዝናፍቖ እንተኾንኩ። ኣብቲ መጀመርታ ኣብ ገዛ ጥራይ ተሓጺርካ ምጽናሕ ከቢዱና ኔሩ፡ ሕጂ ግን ለሚድናዮ።”

“ኩሉ ግዜ ቀሊል ክኸውን ከም ዘይክእል እርዳእ’የ ሳሻ፡” በለ ኣርዮ። ምስ ስድራ-ቤትኪ ተሳኒኽን ተሓጒስክን ከተሕልፍዮ ዝከኣለኪ ትጽዕሪ ኣለኺ። ብኸምኡ’የ ሃብሮሚት ዝብለኪ!”

“ምስ ኣባላት ስድራ-ቤትኪ ተባኢስኪ ትፈልጢ’ዶ፧” ሓተተ ሳልም።

“ሓደ-ሓደ ግዜ ንበኣስ ኢና፡” በለት ሳሻ። ልዑል ትዕግስትን ጥንቃቐን ክንገብር፡ ምስ ንጋገ ‘ውን ቀልጢፍና ይቕረታ ክንሓትት ግድን ይኸውን። ከምኡ ምስ እንገብር ሃብሮማት ንኸውን፡ ንገዛእ ርእስናን ንኻልኦትን ጽቡቕ ንኽስመዓና ድማ ይሕግዘና። በይነይ ክኸውን ዝደልየሉ እዋን ‘ውን ኣሎ። በይነይ ኮይነ ምድራፍን ምስዕሳዕን እፈቱ! ሓደ-ሓደ ግዜ መሓዙተይ እጽውዐን …”

“ኣርዮ፡ ካብ ገዛ ርሒቖም ዝርከቡ ወይ መጽለሊ ዘይብሎም ሰባት እንታይ ይገብሩ፧” ክትብል ሳራ ሓተተት።

“ኣገዳሲ ሕቶ’ዩ’ዚ፡ ሳራ፡” በለ ኣርዮ።

“እንስኪ ንኺድ እንተለዉ ሃሰስ ክንብሎም።”







ንሳሻ ተሰናቢቶማ እንደገና ናብ ሰማይ በረሩ። ብባሕሪ ኣብ
ዝተኸበበት ደሴት ምስ በጽሑ፡ ኩነታት ኣየር ክመውቕ ጀሚሩ ነበረ።



ኣብቲ ደሴት ብዙሓት ሰባት ዝተዓቖቡሉ ቀጽሪ ረኣዩ።

ሓንቲ ጓል ብማዕዶ ረኣየቶም’ሞ ኣእዳዋ ንሰላምታ ኣወናጨፈት።

“ሰላም ኣርዮ፡ ዳግም ስለ ዝርኣኹካ ኣዝዩ ደስ እብለኒ!” በለት ብዓውታ። “ኣብ ሓድሕድና ካብ ሓደ ሜትሮ ዘይውሕድ ርሕቀት ክህልወና ንጽዕር ስለ ዘለና፡ ኣብዚ ኮይነ’የ ከዛርበካ። ን’ዕሩኽትኻ ክላለዮም ግን ባህ ምበለኒ! ስመይ ለይላ እብሃል።”

“ሰላማት ለይላ! ኣነ ሳራ እበሃል፡ እዚ ድማ ሳልም ይበሃል፡ ” ኢላ መለሰት ሳራ። “ንገዛእ ርእስኺ ካብ ኮሮናቫይረስ ክትከላኸሊ ትጽዕሪ ከም ዘለኺ ክግንዘብ ክኢለ። ካእል እንታይ ትገብሪ ኣለኺ፧”

“ኣእዳውና ብማይን ሳምናን ንሕጸብ!” ክትብል መለሰት ለይላ።

ክትስዕሉ ከለኹም’ከ ገጽኩም ኣብ ቅልጽምኩም ኣጸጊዕኩም’ዶ ትስዕሉ፧” ክብል ሓተተ ሳልም።

“ከመይ ምኻኑ እባ ኣርእየና፧” ብምባል ሓተተት ለይላ። ሳልም ድማ ከመይ ምኻኑ ኣርኣዮም።

“ኩላትና ብዝከኣለና መጠን ኒሕ ጌርና ኣለና፡ ሓደ ዘተሓሳስበኒ ነገር ግን ኣሎ፡” በለት ለይላ። “ብዛዕብኡ’ዶ ክነግረኩም፧ ሓደ ሰብ ሓሚሙ ሞይቱ ሰሚዐስ ብጣዕሚ ፈሪሐ። ሓቂ ድዩ ሰባት ብሰንኪ ኮሮናቫይረስ ክሞቱ ይኽእሉ’ዮም፧”



ኣርዮ ኣዕሚቑ ኣስተንፈሰ’ሞ በቲ ኣዝዩ ገዚፍ መቐመጫኡ ሮፋዕ በለ።

“ሓቕኹም ሃበርም ህጻናት፡ ዘድንጹ ተርእዮ’ዩ፡” በለ ኣርዮ። “ገለ ሰባት ዝኾነ ናይ ሕማም ምልክት ኣየርእዩን’ዮም። ገሊኦም ግን ብጽኑዕ ክሓሙ ይኽእሉ። ገለ ድማ ክሞቱ ይኽእሉ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ኢና ጥንቁቓት ክንከውን ዘድልየና፡ ብፍላይ ንኣረገውትን ካልእ ናይ ጥዕና ጸገም ንዘለዎም ሰባትን ብዝምልከት። ንሳቶም ብቐሊሉ በቲ ሕማም ክጥቅዑ ይኽእሉ። ሓደ-ሓደ ግዜ ክቱር ፍርሒ ወይ ድማ ስግኣት ክስመዓና እንከሎ፡ ብዓይነ-ሕልናና ብዛዕባ ውሑስ እንብሎ ቦታ ክንሓስብ እንተኽኢልና ሓጋዚ’ዩ። ምሳይ ኮንኩም ክትፍትንዎ ትደልዩ’ዶ፧”

ኩሎም’ቶም ህጻናት እወ በሉ’ሞ፡ ኣዒንቶም ዓሚቶም ብዛዕባ ውሑስ ዝብሉዎ ቦታ ከስተንትኑ ሓተቶም ኣርዮ።

“ውሑስ ኮይኑ ይስመዓኒ ኔሩ ኣብ እትብልዎ ዝኽሪ ወይ ግዜ ኣተኩሩ፡” በሎም ኣርዮ።

ኣስዒቡ፡ ኣብቲ ብዓይነ-ሕልንኦም ዝሰኣልዎ ውሑስ ቦታ፡ እንታይ ይርኣዮም፣ እንታይ ይስምዖም፣ እንታይ ይሽትቶም ከም ዘሎ ሓተቶም። ናብቲ ውሑስ ቦታ ክዕድምዎ ዝደልዩ ፍሉይ ሰብ እንተሎን ኣብቲ ቦታ ኮይኖም ብዛዕባ እንታይ ከዕልሉ ከም ዝደልዩን ’ውን ሓተቶም።

“ጓሂ ወይ ፍርሂ ኣብ ዝሰመዓኩም እዋን፡ ናብቲ ውሑስ ቦታ ክትከዱ ትኽእሉ፡” በሎም ኣርዮ። “እዚ እቲ ፍሉይ ተውህቦኹም’ዩ፡ ምስ ኣባላት ስድራ-ቤትኩምን ኣዕሩኽትኹምን ክትካፈልዎ ትኽእሉ። ኣነ ከም ዝሓልየልኩም ሕሰቡ፡ ብዙሓት ካልኦት ’ውን ከምኡ። እዚ ንባዕሉ ሓጋዚ’ዩ።”



ለይላ ድማ ከምዚ በለት፦ “ኩልና ንሓድሕድና ክንተሓላለ ንኽእል።”

“ልክዕ ኣለኺ ለይላ፡” በለ ኣርዮ። “ኣብ ዝሃለና ሃሊና፡ ክንተሓላለ ንኽእል። ኣብዚ ተሪፉና ዘሎ ናይ መጨረሽታ ክፋል ናይ ጉዕዞና ምሳና ክትከዲ ትደልዪ’ዶ፧”

ለይላ ምስ ኣርዮን ምስ ሓደስቲ ኣዕሩኽቱን ክትጎዓዝ ወሰነት። ለይላ ክትጽንበሮም ምኽና ምስ ፈለጠት፡ ሳራ ’ውን ሓጎስ ተሰመዓ፡ ምኽንያቱ ኣብ ገለ እዋናት ሓድሕዳዊ ምትሕግጋዝ ኣገዳስነት ከም ዘለዎ ትፈልጥ’ያ። ድምጺ ከየሰምዑ ሰላሕ ኢሎም በረሩ። ሓደስቲ መሓዙታ ብዛዕባኣ ኣዝዮም ይግደሱ ምኻኖም ለይላ ትፈልጥ ነበረት።



በረድ ዝሸፈኖ ጎቦታት ክርኣዮም ምስ ጀመረ፡ ኣርዮ ኣብ ሓንቲ ንእሽቶ ሓውሲ-ከተማ ከም ዝዓልቡ ገበረ። ኣብ ገምገም ሓደ ወሓዚ ውሑዳት ህጻናት ይጻወቱ ነበሩ።

ሓደ ካብቶም ህጻናት፡ ብናይ ሰላምታ ምልክት ኢዱ እንዳወናጨፈ፡ “ኣርዮ!” በለ።

“ሰላማት ኪም፡” በሎ ኣርዮ። “ኩልኹም ስምዑኒ፡ ኮሮናቫይረስ ለኺፉዎም ዝነበረ ሕጂ ግን ዝሓሾም ኣዕሩኽተይ ከላልየኩም፡” በሎም ነቶም ምስኡ ዝመጹ።

“ከመይ ይስመዓኩም ኔሩ፧” ክብል ሓተተ ሳልም።

“ንዓይ የስዕለኒ ኔሩ፡ ኣብ ገለ እዋን ድማ ብርቱዕ ረስኒ ይስመዓኒ ኔሩ። ረሸሸ ዘብል ድኻም ስለ ዝነበረኒ፡ ንውሑድ መዓልታት ጸወታ ክጻወት ኣይደልን ኔረ፡” በለ ኪም።
“ግን ንነዊሕ እዋን እድቅስ ኔረ፡ ስድራይ ድማ ብዝግባእ ይሕብሕቡኒ ኔሮም። ገለ ካብ ስድራና ንሆስፒታል ዝኸዱ ኔሮም። ሓካይምን ነርሳትን ብርህራሀ ተኸናኺኖሞም። ጎረባብትና ድማ ኣብ ገዛ ብዙሕ ሓጊዞምና። ድሕሪ ውሑድ ሳምንታት ኩልና ሓዊና።”



“ኣነ ከኣ ዓርኪ ኪም’የ፡” በለ ሓደ ካብቶም ህጻናት። “ኪም ኮሮናቫይረስ ኔርዎ ማለት ኣዕሩኽ ምዃንና ኣብቂዑ ኔሩ ማለት ኣይኮነን፡ ዋላ’ኳ ይረኽቦ እንተዘይነበርኩ። ብዛዕባ ድሕነቱ ምሕሳብ ኣቋሪጸ ኣይፈልጥን፡ ሕጂ ድማ እንደገና ብሓባር ክንጻወት ምኽኣልና ሓጎስ ይስመዓና!”

“ሓደ-ሓደ ግዜ፡ ከም ኣዕሩኽ መጠን እቲ ቀንዲ ክንገብሮ ዝግበኣና ኣገዳሲ ነገር ድሕነት ሓድሕድና ምሕላው’ዩ፡” በለ ኣርዮ። “ንዝተወሰነ እዋን ተፈላሊና ክንጸንሕ ንግደደሉ ምኽኑ እናፈለጥና ‘ውን ክንገብሮ ዝግበኣና ነገር’ዩ።”



“ኣብ ነንሕድሕድና ከምኡ ክንገብር ይግበኣና፡” በለት ለይላ።

“ሓደ መዓልቲ ኩላትና እንደገና ብሓባር ክንጻወት ክንክእል ኢና፡ ከም ቀደምና ’ውን ናብ ቤት-ትምህርትና ክንከይድ ክንክእል ኢና፡” በለ ሳልም።

ገገዛኦም ዝምለሱሉ ሰዓት ኣኺሉ ብምንባሩ፡ ሳራ ንኹሎም ሓደስቲ ኣዕሩኽታ ተሰናበተቶም። ነዚ ብሓባር ዘሕለፍዎ ዘይርሳዕ ተመኩሮ ከይዝንግዑዎ ቃል ተኣታተዉ።

ንዝተወሰነ እዋን ደጊሞም ክራኸቡ ዘይክእሉ ብምኳኖም ንሳራ ቅር በላ። ዓርኪ ኪም ዝበሎ፡ ምስ ዘከረት ግን ፍኹስ ክብላ ጀመረ። ምኽንያቱ፡ ምስ ሰባት ክትራኸብ ዘይምኽኣልካ ከትፍቅሮም ኣይትኽእልን ኢኻ ማለት ኣይኮነን።



ኣርዮ ንኹሎም ነናብ ቦታኦም ምስ መለሶም፡ ቅድሚ ምኻዱ ሳራ ክሳብ ትድቅስ ተጸበየ።

“ጽባሕ’ከ ከምዚ ናይ ሎሚ ክንገብር ንኽእል’ዶ፧” ክትብል ሓተተቶ ሳራ።

“ኣይፋሉን ሳራ። ደጊም ንስኺ ምስ ስድራኺ ክትኮኒ ይግባእ” በላ ኣርዮ። ዛንታና ዘክርዮ። ነቶም ዘፍቅሩና ውሕስነቶም ክንሕልወሎም እንኽእል ኣእዳውና ብምሕጻብን ካብ ገዛ ብዘይ ምውጻእን’ዩ። ኣነ ኣርሒቐ ኣይክኸይድን’የ። ናብቲ ብዓይነ-ሕልናኺ እትርእይዮ ውሑስ ቦታ ምስ ተብሊ ንዓይ ኩሉ ግዜ ኣብኡ ክትረኽብኒ ኢኺ።”

“ሃብሮም ኢኻ፡” በለት ሳራ ብሕሹኽታ።

“ንስኺ ‘ውን ሃብሮሚት ኢኺ ሳራ። ነቶም ኩሎም ዘፍቅሩኺ ሃብሮሚት ኢኺ፡” በለ።



ሳራ ድቃስ ወሰዳ። ንጽባሒቱ ምስ ተበራበረት፡ ኣርዮ ምኻዱ ዘከረት። ናብቲ ብዓይነ-ሕልናኣ እትርእዮ ውሑስ ቦታኣ ከተዘራርቦ ከደት□ሞ ኣብቲ ድንቂ ዝኾነ ተመኩሮኦም ዝቐሰምዎ ዘበለ ፍልጠት ኩሉ ሰኣለቶ። ናብ ኣዲኣ ብጉያ ከይዳ ድማ ነቲ ዝሰኣለቶ ኣርኣየታን ዝፈለጠቶ ዘበለ ኩሉ ነገረታን።

“ሰባት ድሕነቶም ክሕልዉ ክንሕግዝ ንኽእል ኢና፡ ማማ፡” በለት። “ኣብቲ ዝነበረኒ ፍሉይ ተመኩሮ ሃበርም ዝኾኑ ሰባት ተላልየ!”

“እወ ሳራ ጓለይ፡ ሓቅኺ ኢኺ!” በለታ ኣዲኣ። “ብዙሓት ሃበርም ኣለዉ፡ ከም ሓካይምን ነርሳትን ዝኣመሰሉ፡ ንሰባት ካብ ኮሮናቫይረስ ከድሕኑ ዝጽዕሩ። ኮይኑ ግን፡ ኩላትና ወትሩ ግዜ ሃበርም ክንከውን ከም እንኽእል ‘ውን ኣዘኪርክኒ። ንዓይ እታ ዝበለጸት ሃብሮሚት ንስኺ ኢኺ።”



